Washington State Department of Labor & Industries

# ናብ ግዳማዊ ዋዒ ምቅላዕ 2022 ህጹጽ ሕግታት ጽማቑ

*ናይ መወዳእታ ዝተምሓየሸሉ 1 ሰነ 2022*

## ድሕረባይታ

ቀዋሚ ናይ Washington ንናይ ግዳማዊ ዋዒ ምቅላዕ ሕጊ ኣብ ዓዓመት፡ ካብ ግንቦት ክሳዕ መስከረም፡ ይዕየየሉ እዩ።

ኣብ ርእሲ እቲ ኣብ ቀዋሚ ሕጊ ዘለዉ ዜድልዩ ነገራት፡ ካብ 15 ሰነ 2022 ጀሚሩ ንክም በዓል ዝሑል ማይ፡ ጽላል፡ ንምርግጋእ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ከምኡውን ምስ ሰራሕተኛታት ብዛዕባ ምልክታት ብዋዒ ዝስዕቡ ሕማማት ተዓዚብካ ንምዝርራብ ዝኣመሰሉ ተወሳኺ ግዝያዊ ዜድልዩ ነገራት ኣብ ግብሪ ክውዕሉ እዮም።

እዚ ዝስዕብ ሓፈሻዊ መግለጺ ይህብ፣ ብዛዕባ እቶም ዜድልዩ ነገራት ዝያዳ ዝርዝር ሓበሬታ ንምርካብ ንናይ ግዳማዊ ሙቐት ምቅላዕ ሕግታት ርአ።

### ሙቐት

ናይ Washington ንናይ ግዳማዊ ሙቐት ምቅላዕ ሕግታት ከኣ ኣስራሕቲ ነቶም ሰራሕተኛታት ኣብ ውሽጢ 60 ደቒቕ ክፍለ ግዜ ንልዕሊ 15 ደቒቕ ምስ ዝቓልዑ ምስ ዋዒ እተተሓሓዙ ሕማማት ንምክልኻል፡ ንገለ ካብዞም ዝስዕቡ ስጉምቲ ኽወስዱ ይግድድ፥

- 52° F – ከተተትንፈስሎም ዘይከኣሉ ክዳውንቲ
- 77° F – ብድርብ ጨርቂ እተኣልመ ክዳውንቲ
- 89° F – ኵሎም ኻልኦት ክዳውንቲ

ብዘይካ እቶም ንኹሉ እቲ ኣብቲ ሕጊ ዘሎ ዜድልዩ ነገራት ምሉእ ብምሉእ ኬማልኡ ዚወሰኑ ኣስራሕቲ ከኣ ኣስራሕቲ ኣብ ብምሉኡ ናይ ስራሕ ሰዓት ኣብ ቦታ ስራሕ ዘሎ ናይ ህልው ሙቐት ናይ ምቍጽጻር ሓላፍነት ኣለዎም። መዝገብ ሙቐት ኣየድልን እዩ።

### ማይ

ንነፍሲ ወከፍ ሰራሕተኛ ኣብ ሰዓት እንተ ወሓደ 1 ርብዒ (ኣርባዕተ ናይ 8-ወቒት ብርጭቆ) ንኺሰቲ እኹል ዚስተ ማይ ሃቦ ከምኡ ኺገብሩ ድማ ኣተባብዓዮም።

ሰራሕተኛታት ንኺሰትዩን ንኽተባብዑ እቲ ዚስተ ማይ ዝሑል ምኳኑ ኣረጋግጽ ከምኡ ድማ ወትሩ ብቐሊሉ ከም ዚረኽብዎን ግበር።

**መዘኻኸሪ**: ከም ኢንዱስትሪ ህንጻት ወይ ሕርሻ ዝኣመሰለ ኻብዚ ሕጊ እዚ እተፈልየ ፡ ዚስተ ማይ ኺርከብ ዚሓትት ካልእ ሕግታት እውን ኣሎ። እዚ ሕግታት እዚ ከም ተወሳኺ ኣብ ርእሲ እዚ ወይ ድማ እዚ ኣብ ዘይዓየሉ እዋን ከዓዪ ይኽእል።

## ጽላልን ዕረፍን

ሰራሕተኛታት ጽላል ከም ዚረኽቡ ግበር ከምኡ ድማ ዝያዳ ዋዒ ንምክልኻል ዕረፍቲ ኣብ ዝደልይሉ እዋን፡ ንምዝሓል ናይ ዕረፍቲ ግዜ ኺወስዱ ኣተባብዓዮም። ሰራሕተኛታት ክሳዕ ሓሚሞም ከዕርፉ ዝደልዩ ኪጽበዩ የብሎምን።

**እቲ ሙቐት 89°F ወይ ካብኡ ንላዕሊ ኣብ ዝኾነሉ እዋን፡** ግዴታ ንምዝሓል ናይ ዕረፍቲ ግዜ (ማለት እንተ ወሓደ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክልተ ሰዓት 10 ደቒቕ) ክወሃብ ኣለዎ፣ ኣሰራሒቲ ድማ ኣብ ዕረፍቲ ወይ ኣብ እዋን መኣዲ ንኸሎም ሰራሕተኛታት ኣብ ንቡር ኣቃውማኦም ኮፍ ኢሎም ምሉእ ብምሉእ ዝሸፍን እኹል መዝሓሊ ጽላል ከም ዝህሉ ክገብሩ ኣለዎም።

እቲ ጽላል ዝሑል ምእንቲ ኺኸውን፡ ቀጥታዊ ጸሓይ ብርሃን ኪዓግት ደኣ እምበር ዋዒ ነቲ ናይ ጽላል ዕላማ ኣብ ዚስዕረሉ ኸባቢ ኪኸውን የብሉን፣ ንኣብነት መዝሓሊ ኣየር ኣብ ዘይብላ ማኪና ምእታው ወይ ብኣእካል ዝተረኸበ ጽላል ኮይኑ ሙቐትን ጠልን ኣብቲ ከባቢ ዝተዓጽወ ይኸውን። ጽላል ዚርከበሉ ቦታ ተጠቓምነቱ ኺዕገት ወይ ክእበ የብሉን፣ ንኣብነት ኣብ ጥቓ ተንቐሳቃሲ ሽንቲ-ቤት ወይ ኣብ ጥቓ ከም ኣትማን ወይ ሰፈር ዕኮት ዝኣመሰሉ ሓደገኛታት እንስሳታት ዘገዳም፣ ጽላል ኣይትግበረሎም።

ናይ ምክልኻል ኲነ ግዴታዊ ናይ ምዝሕሓል ናይ ዕረፍቲ ግዜ ኣብ እዋን መኣዲ እንተ ዘይተዋሂቡ ብግዜ ክኽፈል ኣለዎ።

ኣብ ክንዲ ጽላል ካልኦት ኣማራጺታት ምጥቃም ይከኣል እዩ፡ ንኣብነት ከም ብመመጠኒ ኣየር ዝዘሓላ ተጐተትቲ ማካይን ወይ መደበራት ምዝሓል ዝኣመሰለ ሙቐቱ ቁጽጽር ዝግበረሉ ከባቢ።

## ምልምማድ (ንሙቐት ምልማድ)

ኣሰራሒቲ ንዝኾነ ይኹን ኣብ ዋዒ ዘለዎ ንምሰራሕ ሓድሽ ዝኾነ ሰብ ወይ ካብቲ ዋዒ ንልዕሊ ሓደ ሰሙን ርሒቑ ዝነበረ ሰብ ነዚ ዝስዕብ ተጠቒሞም ን 14 መዓልታት ምልክታት ብዋዒ ዝስዕቡ ሕማማት ንኽረጋገጹ ይተባብዑ ኢዮም፡

- ተሌፎን ወይ ሬድዮ (ንበይኖም ንዚሰርሑ ሰራሕተኛታት፣ እቲ መቐበሊ ዜተኣማምን እንተ ኾይኑ)
- ሰራሕተኛታት ተሓባቢሮም ንሓድሕዶም ዚከናኸኑሉ ዘስተብህልሉን ስርርዕ (ማለት ግዴታዊ ስርዓት ናይ ኣዕሩኽ)።
- ካልኦት ውጽኢታውያን ሜላታት።

ምልምማድ ዝምኽረሉ ኻልእ እዋናት እውን ክህሉ ይኽእል እዩ፡ ንኣብነት፣ ኣብ እዋን ሃንደበታዊ ወሰኽ ሙቐት (ንኣብነት ማዕበል ሙቐት) ምስቶም ዝሓለፉ መዓልትታት ኪነጻጸር ከሎ።

ነቲ ኽትስዕቦ እትኽእል ንናይ ምልምማድ መደባት ምኽርን ኣብነታትን እንተ ደሊኻ፣ ምኽርታት ሃገራዊ ትካል ድሕንነትን ጥዕናን ስራሕ (National Institute for Occupational Safety and Health, NIOSH) ርአ።።

## ብዋዒ ዝስዕብ ሕማም ኣለሊኻ ምላሽ ሃብ

ነቶም ምልክታት ምስ ዋዒ እተተሓሓዘ ሕማም ዜርኣዩ ሰራሕተኛታት ካብ ናይ ስራሕ ግዴታኦም ብምዕራፍ ጽላል ወይ ካልእ ንምዝሓል ዜኽእል እኹል መገድታት ብምሃብ ከምኡውን ሕክምናዊ ቈላሕታ ኣድላዪ እንተ ኾይኑ ቁጽጽር ብምክያድ ምላሽ ሃቦም።

ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ብቐሊሉ ኣብ ግብሪ ምእንቲ ኽውዕል ህጹጽ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ንምርካብ ዘኽእል ውጽኢታዊ ኣሰራርሓታት ከም ዝምስረትን ከም ዝፍለጥን ኣረጋግጽ። ግዜ ኣዝዩ ወሳኒ እዩ።

**እቲ ሙቐት 89°F ወይ ካብኡ ንላዕሊ ምስ ኲነ**፣ ሰራሕተኛታትን ተቈጻጸርትን:

ንሓድሕዶም እንተላይ በይኖም ንዚሰርሑ ሰራሕተኛታት ሓሳብ ንሓሳብ ዚለዋወጡሉ ውጽኢታዊ መገዲ ከምዝህልዎም ኣረጋግጽ። ድምጺ፣ ናይ ዓይኒ ርክብ ወይ ከኣ ዜተኣማምን ኣቀባብላ ዘለዎ ኤለክትሮኒካዊ መሳርሒታት ምጥቃም ይከኣል እዩ።

ንሰራሕተኛታት ምልክታት ናይ ዋዒ ሕማም ከምዘለዎም ንምፍላጥ ብከምዚ ዝስዕብ መገዲ ተጠቒምካ ክልለዩ ይኽኣሉ:

- ተሌፎን ወይ ሬድዮ (ንበይኖም ንዚሰርሑ ሰራሕተኛታት፣ እቲ መቐበሊ ዜተኣማምን እንተ ኾይኑ)

- ሰራሕተኛታት ተሓባቢሮም ንሓድሕዶም ዚከናኸኑሉ ዘስተብህልሉን ስርርዕ (ማለት ግዱታዊ ስርዓት ናይ ኣዕሩኽ) ።
- ካልኦት ውጽኢታውያን ሜላታት።

## መደብን ስልጠናን

እቲ ናይ ኩባንያ ኣብ ጽሑፍ ዝሰፈረ መደብ ሓደጋታት ንምክልኻል (Accident Prevention Program, APP) ንናይ ግዳማዊ ዋዒ ምቅላዕ ብዛዕባ ድሕነት ዚገልጽ ሓበሬታታትን ኣገባቡን ከም ዜጠቓልል ኣረጋግጽ።

ሰራሕተኛታትን ተቘጻጸርትን ኣብ ዋዒ ቅድሚ ምዕያዮምን ከምኡድማ ብድሕሪኡ ዓመታዊ ክስልጥኑ ኣለዎም። እቲ ስልጠና ድማ በቲ እቲ ሰልጣኒ ዚርድኦ ቋንቋን ከምኡድማ ኣብቲ ሕጊ ተዘርዚሩ ዘሎ ኣርእስትታት እንተላይ ነቲ ኣብ APP ተጠቓሊሉ ዘሎ ኣገባብ ክሽፍኖ ኣለዎ።

---

*ብዛዕባ ናይ ወኪል መደባትን ኣገልግሎታትን ብቑንቋኻ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ምስ Washington ክፍለሃገር ክፍሊ ሸቃሎን ኢንዱስትሪን (Department of Labor & Industries) ንምርኻብ በዚኣ ተወከስ 1-800-547-8367። እዚ ኣገልግሎት እዚ ብናጻ እዩ።*

*ጠለብ ምስ ዝቐርብ፡ ንስንኩላን ዚኸውን ቅጥዒታት ድሉው እዩ። ደውሉ ናብ 1-800-547-8367። ተጠቀምቲ TDD፡ ደውሉ 711። L&I (ክፍሊ ዕዮን ኢንዱስትሪታትን) ንኹሉ ማዕረ ዕድል ዝፈጥር ኣሰራሒ ትካል እዩ።*